## ቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ ናይ 2004-2005
## ዓመታዊ ስርሓቱ ብዓወት ዛዚሙ

### ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
### ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
10.04.2005

ብምኽንያት ምዝዛም ዓመታዊ ትምህቲ 2004-2005 ናይታ ኣብ ጐዶቦታት ከሰላ እትርከብ፡ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ እትምሓደር ቤት ትምህርቲ ውድሸሪፈይ፡ ኣብ እተዳለወ በዓል ንምስታፍን፥ ስርሓት ቤት ትምህርቲ ንምክትታልን፥ ነቲ ቤት ትምህርቲ ዘድልዩ ነገራት ንምዕዛብን፥ ብጻይ ጅምዕ ኣሕመድ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕብረተ-ሰብኣዊ ጉዳያትን፥ ሲራክ ዘመንፈስ፡ ወኪል ማሕበር ምሕዝነት ቀይሕ መስቀልን ወርሕን ኤርትራ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ዝቖመ ልኡኽ ብዕለት 30 መጋቢት 2005 ኣብ ወድሸሪፈይ ኣትዩ።

ናይ ሎምዘበን በዓል ምዝዛም ዓመታዊ ስርሓት ቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ፡ ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተፈልየ ኢዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ድማ፡ 5 መራሕቲ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ዝርከብዎ ካልእ ልኡኽ፡ ንኩነታት ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ንምክትታልን፥ ኣብቲ ጽንብል ናይ ቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ ንምስታፍን ካብ ዓዲ ጣልያን ምምጽኦም ኢዩ። እዚ ልኡኽ እዚ፡ ኣብ ካርቱምን ከሰላን ፖርትሱዳንን ኣብ ዝርከቡ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ዝገበሮ ዑደት፡ ብርክት ዝበለ ነገራውን ሞራላውን ደገፋት ኣበርኪቱን፤ ኣብ መጻኢ ግዜ ውን ዝያዳ ከበርክት ምኳኑን ተመባጺዑ።

ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዛ፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ትምህርትን ጥዕናን ረዲኤታዊ ኣገልግሎትን ከተበርክት ምጽንሓን፥ ጌና ውን ተበርክት ምህላዋን ዝፍለጥ ኢዩ።

ኣብዚ ብርክት ዝበለ ህዝቢ እተሳተፎ ብባሕቲ ሚያዝያ 2005 ኣብ ወድሸሪፈይ እተጸንበለ በዓልዚ፡ ኣካየድቲ እቲ ቤት ትምህርትን፤ ኣብቲ ጽንብል ንምስታፍ ዝመጹ ልኡኻትን እተፈላለዩ መግለጺታት ኣቕሪቦም። ኣካያድቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነቲ ቤት ትምህርቲ ዘበርክቶ ነገራውን ሞራላውን ደገፍን ምክትታልን፥ ከምኡ ውን፡ ነቲ ቤት ትምህርቲ ብሓፈሻ፡ ንተመሃሮ ድማ ብፍላይ ዘጋጥሞም ጸገማት ብዝርዝር ኣብሪሆም። ብድሕርቲ መግለጺ፡ ተመሃሮ ዘዳለውዎም መሰጥቲ ዝኾኑ መዛሙርን ግጥምታትን ትያትራትን ስፖርታዊ ውድድራትን ቀሪቦም።

ሓላፊ ልኡኽ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን፡ መምህራንን ተመሃሮን ቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ፡ ኣብ ትሕቲ ኣዝዩ ጽንኩር ዝኾነ ኩነታት ዘካየድዎ ጻዕርታትን፤ ዘረጋገጽዎ ዓወትን ኣድናቖቱ ገሊጹ። ህዝብን ወለድን መምህራንን ተመሃሮን ድማ፡ ሓጐሶም ብክብ ዝበለ ጣቕዒት ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ነቶም ክብ ዝበለ ነጥብታት ዘምጽኡ ተመሃሮ ብልጫታትን ምስክርነትን ብምዕዳል፡ ዓመታዊ ስርሓት ቤት ትምህርቲ ብዓወት ተዛዚሙ።